# ህዝብኻን ሃገርካን ክዝመትዶ ዓይንኻ ይዕመት።
# ብካሕሳይ ይሕደጎ ሃገር ጀርመን።

ዝኸበርካ ዉጹዕ ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ!!
ከምቲ ኣብ ኩለን ሃገራትን ህዝብታትን ዓለም በብቛንቆኣንን ባህለንን ንህዝበን ኣብ ኩሉ መዳይ ኣብ ባህሊ, ኣብ ቁጠባ, ኣብ ማሕበራዊ, ኣብ መሰል, ኣብ ሃይማኖት ኣብ ነብሰ ምክልኻል ኮታ ነቲ ሕብረተሰብን ሃገርን ይጠቕምን ይምህርን ኣብ ግዜ ተፎጥሮኣዊ ይኹን ሰብ ዝፈጠሮ ሽግርን ጸበባን መሰረታዊ ፍታሕ ንምርካብ ህዝበን ንምልዕዓልን ፈታዊኡን ጸላኢኡን ፈልዩ ከለልን ክበቅዕን ዝገበራ፡ክቡራት ወለድና እንተ ኾኑ ውን  ኣሎ ዝብሃል መሃራይን ሃናጺ ምስላታት እንዳ ተጠቐሙ ህዝቦም ሓቢሩ ክነብርን ክሳብ እታ ዝነኣሰት መጋራጨዊት ብሽምግልና ክፈትሕ ዘኽእሎ ስኑድ ውርሻ ገዲፎም እዮም።
እዚ ታሪኻዊ ሓቂ ህያው ምኻኑ ዘረዳኣና ንኹሉ ተርኽቦታት ኣብ መላእ ሕብረተሰብና ብዘለና ሃብታም ባህልን ቋንቋታትን ልምድን ዝተፋላለየ ብሄራትን ብሄረሰባትን ኣብ ከባቢኡ፡ዝምሰል መሃርን ሃናጽን ምስላታት ክትሰምዕ ከሎኻ ክሳብ ክንደይ ከይተማህሩ ምሁራት ምንባሮምን ርሕቀት ምስትውዓሎምን ብሕልና ከተድንቖምን ከተመጉሶምን ክትነብር ይገብረካ። እምበኣርከስ ካብዚ ታሪኻዊ ሓላፍነት እዚ ብምብጋስ እየ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተመሰለ ከቢድ ሓላፍነት ዘሰክም ናይ ወለዲ ምስላ ተጠቒምና ንሕልንኡ ዘዕረበን እንዳሰምዐ ዘስቀጠን ጉዳይ፡ ህዝቡን ሃገሩን ከም ዘይዋኒኑን ሓላፍነቱን ኣማዕድዩ እንዳ ረኣየን ህዝቡን ሃገሩን ብምሕደራ ስዉር መግዛእቲ ህግደፍ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ተሳጢሑ ብጥምየትን ዕርቃንን ፍርሕን ራዕድን ኣብ ታሪኹ ርእይዎን ሰሚዕዎን ዘይፈልጥ ንብረቱ ተዘሚቱ ወለዲ ወላድ መኻን ኮይኖም እንዳ ሃለዉ መቓብር ወለድና ክንርኢዶ መንደኞና ከይወርሱልናዶ ብዝብል ምስምስ ንዝደቀሱ ደቂ ሃገር መባራበሪ ዝመረጽክዋ።

ብፍላይ ድማ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ብተዛማዲ ብሰላም እንዳ ነበሩ ንዝበርስ ዘሎ ተካኢ ወለዶ መንእሰይ ንምድሓን ዓገብ ኣብ ክንዲ ምባል ንሓቂ ገልቢጦም ንሽኦል ገነት ንጥምየት ጽጋብ ንጸበባ ራህዋ ንኲናት ሰላም ንድሕረት ምዕባለ  ከም ዘሎ ኣምሲሎም ብሓሶት ንቀዳማይ ጸላኢ ክከላኸሉን ንሓላፍነቶም ፈሊጦም ግዲኦም ንዝገብሩን ዘለዉ ንጹሃት ደቂ ሃገር ገሊኦም ከይተሰከፉ ኣብ ቅርዓት ክጻረፉን መንነት ተቃለስቲ ከነውሩ ከለዉ ገሊኦም ክኣ ተቓወምቲ መሲሎም ብረቂቕ መርዚ እቲ ቓልሲ ንቕድሚት ከይሓንን መታን ኣብ ድኽመታት ናይ ውድባትን ሰልፍታትን ስቪካዊ ማሕበራትን ኣሳቢቦም ካብ ቃልሲ ዝቦኾሩን ህዝቢ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ከይስለፍን ክዳናገርን ዝገብሩ ስዉራት፡ሰለይትን ጥቕሚ ፈሊጣውያን ከም ዘለዉ መድረኽ የቃልዕም እንሆ።

ብሓጺሩ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ ክውንነት ብጭብጢ ዘራጋግጸልና ምስ ዝህሉ ኣብ ዝሓለፈ ሳምንቲ ብሽም ዉጹዕ ህዝቢ ኤርትራን ሃገርናን ምኽንያ ብምግባር ኣብ ብሩክስልስ፡ ከተማ በልጁም ዝተጋበአ ዋዕላ ንመላእ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘይውክልን ዘየንጸባርቕን ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ  ካብ ምትእምማን ናብ ምጥርጣር፡ ከምቲ ምስላ ወለዲ ዝብሎ ብተመን ዝሰንበደስ ብልሕጺ ተዳህለ ኮይኑ ምጽንሑን ምህላዉን ንህዝብና ደጊሙ ዓይኑ ክኸፍትን ብጉዳዩ ክመራመርን ናይ ትማሊ ዓወት ንሓፋሽ ጥልመት ኣብ ኣእምርኡ ስለ ዝመጸ መንን ብመንን ዝብል ዉዕዉዕ ሕቶ ከልዕል ኮይኑ  ቀንዩ ኣሎ።
እዚ ማለት ድማ ከምቲ ዝተመሰለ ህዝቡን ሃገሩን ክዝመት ዓይኑ ከም ዘይዕመት ዳግም ብሽሙ ዝጻወት ከም ዘይህሉን ንምርግጋጽ ብተናጽል ዝግበር ይዕበ ይንኣስ ንኹሉ ዝዓደ መን፡ እዉጅን ምስ ዘይከውን ብፍላይ ድማ እቲ ድሕሪ ክንደይ ሓርጎጽጎጽን ምውዳቕን ምትንሳእን ኣብ ዝሓሸ መድረኽ ዝርከብ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ምስኡ ኢድን ጓንትን ኮይነን ዝሰርሓ በርገሳዊ ማሕበራትን ንመሰረታዊ ለውጢ ዝቃለሱ ኣገደስቲ ምሁራትን መራሕቲ ሃይማኖትን ካብ ኪዳን ወጻኢ ኮይነን ዝቃለሳ ዘለዋ ፖለቲካዊ ውድባትን ዘይሓወሰ ጥራይ ዘይኮነስ ዘይፈልጠኦ ብናይ ማሓዛይ ዓርከይ ዝግበር ዘይእዉጅ፡ ንህዝብታትን ሃገርን ኤርትራ ፍትሕን ራህዋን ዘምጽእ ከምዘይ ምኻኑ ካብ ምጅማሩ ግጉይ ምንባሩን ሕጂ ውን ደጊሞም ክሓስብሉ ይግባእ።

ከምቲ ብዙሓት ካብ ኣፍንጭኦም ኣርሒቖም ንኽይሓስቡ ብኣንነትን ትምክሕትን ዝዓወሩ፡ብዛዕባ ቃልሲ ብምዝራቦም ዝቃለሱ ዘለዉ ዝመስሎም ወዮ ድኣ ክሳብ ሎሚ ምዕባለ ተክኖሎጂ፡ ደይኮነ ሓሶት ኣይትጽሓፈለይ ኣይቅበልን ዝብል ስለ ዘይተማህዘ እምበር ንኽም ብዓል ሓውና ረዘነ ዝኣምሰሉ ኣብ ዋዕላ ብሩክስልስ ጉድለታት እንዳ ሃለዎ ክነሱ ከም ቅኑዕን ወግዓውን ኣምሲሎም ብምግላጽ ነቲ ብፈጻሚት ሽማግለ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ንዝተላእከ ለባምን ውሕሉልን ብቕዓት ኣማራርሓ ዘመስከረን ነቲ ኪዳን ሕጽረታቱ ክእርምን ዝያዳ ምትእምማን ኣብ ዉሽጡ ከጥርን ብዛዕባ ህዝብታት ኤርትራን ሃገርን ዝግበር ዋዕላ ብዘይዚ ንኹሉ ባህግታትን ብዙሕነትን ዝጠርነፈ ሰፊሕ ግንባር ትርጉም ኣልቦን ኢድ ምትእትታው ምኻኑ ምስ ተላእከ ብሽም ኣቦ ወንበር ተጋዳላይ ተወልደ ከም ዝተጻሕፈ ኣምሲልካ ብምንእኣስ ንህዝቢ ከተታልል ምፍታንካ ንዘይፈልጡኻ ባዕልኻ መንነትካ ምግላጽካ እኹል ኮይኑ፡ ብጻይ ተወልደ ብባህሪኡ ምልክን ነብሰ ፍትወትን ስዒሩ ደርቡ ዝሓኸኸ ንጹህ ተጋዳላይ ምኻኑ ምስክር ካባኻ ዘድልዮ ኣይመስለንን።

ህዝብታት ኤርትራ ድሕሪ ሕጂ ዋላ ቃልሲ ይምረር ይንዋሕ እቲ ሓቀኛ ወኪሉ ከይረኸበ ብዝግበር ኣጉል ፈተነታትን ንቡዙሕነት ሃይማኖትን፡ብዙሕነት ብሄርን ብሄረሰባትን፡ ብዙሕነት፡ ናይ ፖለቲካ ዉደባትን ዘይቅበልን ዘየኽብርን ብኡ ተቐይዱ ዘይምራሕን ዘይመርሕንካብ መተካእታ ህግደፍ ምኻን ሓሊፉ ካልእ መግለጽን ባህርን ክውንን ስለ ዘይክእል ምዑት ተቓላሳይ ህዝብና ካብ ህግደፍን ብባህሪ መሰልቱን እኹልን ትርፉን ቶሞኩሮን ስቓይን ስለ ዘሕለፈን ዘሕልፍ ዘሎን ከምቲ ናይ ትማሊ ብጥርኑፍን ጽፉፍን ብወኪሉ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ኣቢሉ ሓባራዊ መርገጺ ጉዳይ ህዝቢ ብህዝቢ ዝብል ምውሳዱ ዓቢ ኣብነት ምንባሩን  ንቡዙሓት ንፍትሕን መሰልን ራህዋን ደሞክራስን ዝቃለሱ፡ ዘሐበነን ንበጻብዕቲ ዝቝጸሩ ጫውጫው ዘበለን ኣብ ዘየድሊ ግብረ መልሲ ክንምልስ ዝደፋፍእ ወስታታት ምንባሩን ዘየታሓሳስብ ኣይኮነን።

ንብድሕሪ ደጊም ውን ኮምኡ ዝኣምሰለ መሰልን ክብርን ዝዝልፍ ህንጡይን ስሚዕታውን  ብፍላይ ድማ ንበጃ ህዝቦም ክብሉ ኣብ ሰውራ ዝኣርጉ ዘለዉ ብጾት ተጋደልቲ ይትረፍስ ንህዝቡ ከድሕን ለይትን መዓልትን ኣብስደት ነብሱን ንብረቱን ከይቆጠበ ንቀዳማይ ጸረ ህዝቢ ጸላኢኡ ምኻኑ ኣነጺሩ ኣብ በርገሳዊ ማሕበራትን ፖለቲካዊ ውድባትን ተጠርኒፉ   ኮምኡ ውን ብውልቀ ግዲኦም ብምግባር ዝጣማጠሙ ዘለዉ ዝረአ ዘይእሩምን ዘይሰውራን ዘይሓላፍነታውን ዘይተባህለን ዘይተገብረን ምስ ዝንዛሕ ንረብሓ ኩልና ዘይኮነ ዘይተደላይ ግብረ መልስታት ከይንህብ ቀዳማይ ጸላኢ ከም ዘለና ከይረሳዕና እንብሎን እንገብሮን ፈሊጥና ሃናጽን ኣታዓራቕን ሰውራዊ ነቐፊታን ክንጥቀም ደጊመ ከዘኻኽረኩም ይፈቱ።

ዝኸብርክንን ዝኸበርኩምን ኣብ ዝመጽእ ህዝባዊ መጸዋዕታይ ክሳብ ንራኸብ ሰላም።
ብናይ ሓባር ቅልጽም ጸላኢ ክሰዓር!!
ጸላእቲ ሓድነትና ሞራሎም ክስበር!!
ሎሚ ቅድሚ ጽባሕ ንላዓል ብሓባር!!
ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና!!
ጀርመን 23/11/2009